

**ህዝባዊ ምጥርናፍ ኤርትራውያን**

**ስቱትጋርትን ከባቢኣን / ጀርመን**

ኣብ ስቱትጋርትን ከባቢኣን / ጀርመን እንነብር ደለይቲ ፍትሕን ሰላምን ኤርትራውያን ድሕሪ እቲ ብዕለት 23 ሰነ 2016 ዓ.ም.ፈ ብዓይነቱ ኮነ ብብዝሒ ተኻፈልቲ መወዳድርቲ ዘይርከቦ ድሙቕን ሰፊሕን ኣብ ዙርያ ቀጽሪ ህንጻ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓለም ጀነቫ/ስዊዘርላንድ ዝተኻየደ ኣዎንታዊ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ሽው ንሽው ካብ ወርሒ ሓምለ ጀሚሮም ክሳብ ሕጂ ደኺምና ከይበሉ ንወርቃዊ ጊዜኦምን ጉልበቶምን ከይቖጠቡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ብምእካብ ንምእንቲ ሓልዮትን ድሕነትን ሕዝቦምን ትውልዲ ሃገሮምን ኤርትራ፡ ክላዘቡን ክረዳድኡን ጸኒሖም ኢዮም። በዚ ከኣ ንኹሉ ዕንቅፋትን ተጻብኦን ሰጊሮም ቅዋምን ውሽጣዊ መምርሕታትን ጥርናፌኦም ኣዋዲዶም ብምጽፋፍ ቀዋሚት ሽምግለ ንምምራጽ ናብ ጉባኤ የምርሑ ኣለው።

ነዚ መሰረት ብምግባር ከኣ ኣብ ወርሒ ግንቦት ዕለት 14.05.2017 ዓ.ም.ፈ ካብ ሰዓት 14፥00 ድ.ቀ ዝጅምር ኣብ Migrationszentrum Bad Canstatt, Spreuergasse 47, 70372 Stuttgart ቀዋሚት ሽማግለ ንምምራጽ ጉባኤ ክግበር ምዃኑ ከነፍልጥ ከለና ንሰናይን ቅዱስን ተበግሶ ኲሉ ኤርትራዊ ዜጋ ብህልዊ ኲነታት ሃገሩን ሕዝቡን ዝሓምምን ዝግደስን ኣብ ስቱትጋርትን ከባቢኣን ዝነብር ብኣካል ተሳቲፉ ወከልቱ ንኽመርጽ ብትሕትና ንምሕጸን።ርሑስ በዓላት ፋሲካ ይግበረልና ንሕዝብናን ሃገርናን ከኣ ምሕረቱ የውርድ።

**! ብደሓን ምጹ !**

ኣኽበርትኹም   ጊዝያዊት ሽማግለ